# እንተ ንሱ!

ርሑቕ ኣይኮነን! ሓጺርዩ ተሪፉ
ሖሉምዩ፣ ንቡይ፣ ቃልዩ ዝጋሃድ
ስሕግ ምባል እንታዩ ፋይድኡ፣

ባዶ እእምሮ፣ ካን ብኳኖት ተተኪኡ
ዓነይነይ ሕጂ! ኣይትሓዙኒ ኢሉ ከምዘይጋዓረ
ልሳኑ ተለኺታ፣ ዳርጋ ወዲኣያ ሖሶታ።

ልኽስክስ ምባል ኣመልዩ ገይርዎ
ደርኩኾት እንዳማቱ ምኾሕኳሕ፣ ወትሩ ልማኖ!
ትኳቦ ከኒና መናውሒ ጻዕረሞትዩ፣

ራሕርሕዎ ንዝኸይድ ጽባሕ፣ ድሕሪ ጽባሕ
ህላወ ዘይብሉ ኣለኹ ይብሎም፣ ብሃም ቆጺርዎም
ዋኒን ዘይብሉ ላዕሊ ታሕቲ፣ ከም ዛርቲ።

ቅድም ምሕሳብ ነይሩ፣ ሎሚ ካብ ምጥዓስ!
ሳላ ኣያታቱ ግዳ ቁሩብ ተተይ ኢሉ
ነነይ ይብል ነይሩ ሕጂ ድማ ቖንቌኑ
ትልኽ ትልኽ ብደገፍ፣ ሞቱ ንዘይተርፍ

ሰሕግ ይብል ኣሎ፣ በቃ ናብ ጉድጓዱ
ላልሹ ሞሽሙሻ፣ ሂወት ሐጺርዩ ብደገፍ ብከኒና
ምስራሕ ግዲያ ኣብቂዓ፣ ዶስ ከኒና ኣውሒዳ

ምንህንህ ኢላ በቃ፣ ግዚኡ ዝሓሎፎ ከኒና ኣብዚሓ።
ዕምሩ ባዕሉ ኣሕጺሩ ዘይጭበጥ ሓሊሙ፣ ባቓ ጠሊሙ
ባባ ናይ ኣያታቱ ኣይጠቐሞን፣ ክሳብ መዓስ ክሕንገር
ለግልግ ኢለን መሓወር ረብሪበን፣ ደኺሞም
ንስክላ እንዳኣሉ ቀደሙስ ተሪፉ። ተሓንጊርካሞ ክሳብ መዓስዩ።

ርእሱ ኣብ ወጻእ፣ መሓውሩ ኣብ ውሽጢ
ግልብጥብጥ ኣመል ገይርዎ ዝገርምዩታ
ኣሉ ወትሩ ኣሉ ዝብል! ትማሊ ዝበሎ ዘይደግም
ትኳቦ ለሚዱ ካብግዳም ምጽወታ፣
ንልማኖ፣ ጃህራ ቖጽርዎ! ኣእምሮኡ ኣእሚንዎ

ዝግ ዘይብል፣ ህድእ፣ ዘይመሚ ዘየስተውዕል
ሰብ ገዛ ኢና ይብል! ብዘይመፍትሕ
ፈረሰኛየ ይብል፣ እቲ ልጓም ብኻልኡት ተታሒዙ!
ኖኖ ፈረስይዩ! ከም ዓይነስዉር ብኳኖት እናተሳሕበ። **እንተ ንሕና!**

ዓለም፣ ዋላኳ እታ ዓለም፣ አሻርያ እናዘረየትና
መንነትና አይንቕይርን፣ መን ክንከውን? ንሕና ንሕና ኢና
ትማልን ሎሚን ወነንቲ መትከልና ባዕልና፣ ንጹርዩ ራኢና!

ክምስምስ አይንብልን ንግዝያዊ ረብሓ፣ አይንሸየጥን ኻኸብድና
ኾለል አይንብልን ሐሶት ከነመዓራሪ፣ ጥልመት ዘይልምድና
ነግፈርግ ዘይናትና፣ ሐንቲያ መንገድና፣ ካብጊሓትና
ልቦና ጥበብዩ ሕላገትና፣ ሐቂያ መንነትና፣ ጽንዓት ትእምርትና።
ናትናን ዘይናትናን ለሊና ንፈልጥ፣ ዘይንብል ግልብጥብጥ

እህህ! አይንብልን- ዘይንሐድር ከይገበርና ናይከብድና!
ምልክትና ንሱንድዩ፣ ጽንዓትና፣ ትእምርቲ ጉዕዞና።
ነዓናምበር ንዓይ ዘይብሉ፣ አሎውና፣ ይንበሩልና መታን ክነብር ከቢርና።

አርናቢና`ኮዩ! ዘይደፈር ዕርድና፣ ግርማናዩ አርማና
ሜላ ድፍረት፣ ሐቦ ኒሕ፣ ጽንዓት ዘስንቐና፣ ደራኺ ስጒምና!
ንሱዩ መድሕንና ዋሕስና፣ ጓኖት ከይደፍሩና፣ ክሳብ ፍጹም ሐርነትና።

ዓወት ንሐፋሽ!

ዝክሪን ምጎስን ንስውኣትና!

መኮነን ዓንተራይ
ሎንደን 13/12/2007